# “ብ'ኽብሪን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ምትላል የብቅዕ”

ንሰላማዊ ሰልፍታት ጸረ ፈሲቲቫላት ህግደፍ ዝግበር ደገፍና ንገልጽ። ቀዳም 12 ወርሒ ሓምለ 2008ዓም ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ዝግበር ሰላማዊ ሰልፊ ዕዉት ክ'ኸወን ንምነ። ብ'ኹሉ ሕልናናን ዓቅምናን ድማ ኣብ ጎን'ኹም ኣሎና ንብሎም። ም'ኽንያቱ፣ ሓጋይ ከደ ሓጋይ መጸ : ህግደፍን ኮራ'ኹሩን ቆፎታቶም ገንዘብ ንምምላእ ንዘመተ ዝወፍሩላን፣ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ህዝቢ ምስ መንግስቱ ድው ኢሉ መበሊ ፣ ንኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና መደናገርን መድሃልን ዝ'ኸውን ኣሳእል ዝእክቡላን እዋን ፈስቲቫላት እያ።

ህዝቢ ኤርትራ ንልዕሊ ሰላሳ ዓመታት ብረታውን ፖለቲካውን ቃልሲ ኣካይዱ ፣ ሂወት ዓሰርተታ ኣሽሓት ደቁ ከፊሉ ፣ ማእለያ ዘይብሉ ምዝንባላትን ብርሰት ንብረትን ተጻዊሩ ዘምጸኦ ናጽነት፣ ሎሚ መሬቱ መዓንደሪ ውሑዳት ኣረመናውያን ኮይና ፣ ክብረቱ ተቐንጢጡ ፣ ርእሱ ኣድኒኑ ፣ ኣፉ ተዓቢሱ ዝ'ሸደሉ ዘሎ እዋን ምጾት በጺሑ ይርከብ። ካብዚ ሂወት ባርነትን ገሃነምን ንምምላጥ ከኣ ብእሽሓት ኤርትራውያን መንእሰኣያትን ፣ ኣዴታትን ኣቦታትን፣ ንስደት ክምርሑን ፈቐድኡ ክእሰሩን ክሱጎጉን ንርኢን ንሰምዕን ኣሎና።

ብዘይ ውግእን ወረውግእን ክነብር ዘይክእል ስርዓት ኣልቦ ህግደፍን ውልቀመላ'ኺ መራሒኡን ፣ ወግሓ ጸብሓ ምስ ጎረባብቱ ክስሓሓብን ክታ'ኾስን ንርእን ንሰምዕን ኣሎና። እዚ 'ኹሉ ምጥላዓት ከኣ ኩሉ ግዜ ብዋጋ ሂወት መንእሰያት ኤርትራን ሃብቲ ኤርትራን እዩ ዝፍጸም።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ህሞት እምበኣር በቲ ሓደ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና ጂሆ ተታሒዙ ኣብ ሓዊ ባርዕ ህግደፍ ክሳቐ እንከሎ ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኣብ ወጻኢ ዘለና ሰደተኛታት ኤርትራውያን ነባራትን ሓደስትን ሓዊስካ ኣብ ሙውቕ ገዛናን መንኢ'ኻ ዝብለካ ዘይብሉ ናጻ ሃገራት ንነብር ኣሎና። ስድራቤታት ቀሲነን ደቀን ዘዕብያለንን ዘምህራለንን ሃገራት እንዳ ተቐመጥና ፣ ኣሕዋትናን ኣዝማድናን ዶላራት ከፊልና ካብ ኤርትራ እንዳህደምናን (እቶም ቀንዲ ህግደፍ ኢና በሃልቲ ቀዳሞት ስድረኦም ዘህድሙ)፣ ኣብ ኤውሮጳን ኣሜርካን ዑቕባ ክንሓትት ግርም ጌርና ንህግደፍ ጉዱ ኣውጺእና ወረቐት ንቕበል። ጎድኒ ጎድኑ ከኣ ከም ወነንቲ ክልተ ልብን ክልተ ሕልናን ፣ መከራን ስቓይን ህዝብና ኣዳዕዲእና እንዳተረዳኣናዮን፣ ብወረ ዘይኮነስ ብኣካልን ብተሞክሮናን እንዳፈለጥናዮን ኣንከሎና፣ ፈቐዶ ፈሲቲቫላት ህግደፍ ም'ኽያድና በየናይ ኤርትራዊ ሕልናን ባህልን ሃይማኖትን ክግለጽ ይከኣል ?

ፈቐዶ ፈሲቲቫላት ህግደፍ ም'ኽያድ ንዕዑ ነደልድልን ፣ ነሕዋትናን ስድራቤታትናን መእሰርን መቕዘፍን ዝ'ኸውን ስንቂ ነስንቅ ከምዘሎና ክንርዳእ ይግባእ። ብተዘዋዋሪ ዘይኮነስ ብቐጥታ ኣንጻር ህዝብናን ኣንጻር ወለድናን ኣሕዋትናን፣ ካብኡ ቀጺሉ ከኣ ኣንጻር ሃገርና ኤርትራን ም'ኻኑ ሎሚ ን'ኹሉ ብሩህ እዩ። ናይ ሓላፍነት ምጉዳል ወይ ብቀጥታ ካብ ህግደፍ ንረ'ኽቦ ፍሉይ ጥቕሚ ጥራሕ እዩ ክ'ኸውን ዝ'ኽእል። ሎሚ ኤርትራዊ ብውሕዱ ኢዱን እግሩን ክእክብ እቲ ዝተሓተ ካብኡ ዝሕተተሉ ዘሎ እዋን እዩ።

እዚ ድማ ድሕሪ ሎሚ ማሕበራት ይ'ኹና ካልኦት ጉዱሳት ባእታታት ነቲ ብክልተ ክበልዕ ሃርገፍገፍ ዝብልን ፣ ነቲ ሓላፍነት ኣጉዲሉ ኣብ ናይ ህግደፍ ፈስቲቫላትን ካልእ ናይ ህግደፍ ንጥፈታትን ዘዳምቕ ፣ ህዝቡን ባህሉን ሃይማኖቱን ሃገሩን ዝጎድእ፣ «ብ'ኽብሪን ባህልን ህዝቢ ኤርትራ ምትላል የብቅዕ» ዝብል ጭርሖ ኣልዒልና ስለ ዘሎና ኣብ ሰደት ክነብረሉ ዝተፈቒድሉ ሕጋዊ ም'ኽንያት ብተግባሩ የፍርሶ ስለዘሎ፣ ምስቲ ዝነብረሉ ሃገረ መንግስቲ ብሰነዳት ዝተመስከረ ምቕላዕ ክግበርን ም'ኻኑ ከነፍልጥ ንፈቱ። ክውዳእ ዘመነ ህግደፍ፣ ክሳዱ ሓዝ ኢዱ ግደፍ እናበልና ን'ኹሉ ሃገራውን ሓርበኛን ንጽውዕ።

**ወነንቲ ክልተ ልብን ክልተ ሕልናን ይቕልዑ !**
**ቀጽሪ ሰላም ደሞክርስን ይዓንብብ !**
ጀኔቭ፣ 09.07.2008.ዓ.ም

---

**ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ደሞክራስን ኣብ ስዊስ**
ASSOCIATION DES ERYTHREENS POUR LA PAIX ET LA DEMOCRATIE (ASPD)
Case postal 401 1214 Vernier, Geneva Switzerland (eritreans_ch@yahoo.com)